**Ung och utsatt för våld i en nära relation - Tigrinja**

# ብመቕርቡ ንዓመጽ ዚቃላዕ መንእሰይ

ኣብ መቕርባት ዚኽሰት ዓመጽ: ዝተፈላለየ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል። ሓደሓደ ግዜ ወላዲ'ዩ ንደቁ ንዓመጽ ዘቃልዖም። ሓደሓደ ግዜ ኸኣ ሓው ወይ ሓውቲ። ንዓመጽ ዜቃልዑ ኣዝማድ ኪዀኑ'ውን ይኽእሉ'ዮም። ምናልባት ምሳኻ/ኺ ብሓባር ዚቕመጥ ሰብ ኪኸውን ይኽእል። ዓመጽ ስነ-ኣእምሮኣዊ: ኣካላዊ ወይ ወሲባዊ ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት: ንገለ ካብዞም ዚስዕቡ ዚምልከት ኪኸውን ይኽእል፤ እቲ ንዓመጽ ዜቃልዓካ ሰብ:-

- ሕማቕን ሕሱምን ጸርፊ ይጸርፈካ፤ ወይ ሕማቕን ኣሽጋሪ/ትን ምዃንካ/ኪ የስምዓካ/ኪ
- ይደፍኣካ/ኪ: ይወቕዓካ/ኪ: ይቖልዓካ/ኪ: ወይ ብኻልእ ኣገባብ ይጐድኣካ/ኪ
- ይቈጻጸረካ/ኪ: ይድርተካ/ኪ፤ ዘይደለኻዮ/ኽዮ ነገር ክትገብር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ከውጽኣካ/ኪ ወይ ካብ ገዛ ኪሰጐካ/ኪ የፈረርሓካ/ኪ ወይ ኣብ ገዛ ይዓጽወካ/ኪ
- ንሓደ ዓይነት ወሲባዊ ርክብ ይግድደካ/ኪ
- ንኽብሪ ስድራ ንምክልኻል: ሓደሓደ መምርሕታት ክትስዕብ/ቢ ይግድደካ/ኪ
- ኣብ ልዕሊ ካልእ ኣባል ስድራ ዓመጽ ይጥቀም

**ንዕቑባን ደገፍን መሰል ኣሎካ/ኪ**

ንዓመጽ እንተ ተቓሊዕካ ክትሻቐልን ክትጕህን ንቡር'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ሰሚዑ: ኪሕግዘካ ምስ ዚኽእል ሰብ ምዝራብ ኣገዳሲ'ዩ። ትሕቲ 18 ዝዕድመኡ መንእሰይ ንዓመጽ ኪቃላዕ ከሎ ኵሉሳዕ እቲ ሓላፍነት ናይ ኣባጽሕ'ዩ። ኣብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት: ሓገዝ: ደገፍ: ዕቑባን ካልእ ጠቓሚ ነገር ምርካብ ይከኣል'ዩ።

**እዞም ዚስዕቡ ደገፋት ምርካብ ይከኣል:-**

- ዝርርባዊ ደገፍ
- ዕቑባን ግዚያዊ ገዛን
- ግጭታት ንምእላይ ሓገዝ ንምርካብ ዝርርባዊ ደገፍ ምስ ስድራኻ/ኺ

ምሳና ርክብ ግበር/ሪ'ሞ ክንሕገዘካ/ኪ ኢና። ስምካ ክትሓብእ/ኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ፤ መን ምዃንካ/ኪ: ኣበይ ከም ትቕመጥ/ጢ ምሕባር ኣየድልየካን'ዩ።

ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ኵሉሳዕ 112 ደውል/ሊ።

**ዚርከብ ሰብ:**

- **ንጥፈት:** Barn och ungdomsenhetens mottagningsgrupp
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 08-58169000
- **መካነ-መርበብ:** www.upplands-bro.se
- **ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ::** Furuhällsplan 1, Kungsängen

**Barn som upplever våld i en nära relation - Tigrinja**

# ዓመጽ መቕርባት ኣብ ምርኣይ ተመኩሮ ዘሎዎም ቈልዑ

ተመኩሮ ዓመጽ ማለት:-

- ንዓመጽ ምቅላዕ (መውቃዕቲ: ምድፋእ: ወሲባዊ ዓመጽ: ምሽጋር ከምኡ'ውን ብስምዒታዊ ንጽገት ምፍርራህ)
- ዓመጽ ምስማዕ ወይ ምርኣይ
- ምልክታት ዓመጽ ምርኣይ (ንኣብነት ስምብራት: ዝተቐደደ ክዳን: ዝተሰብረ ነገር: ፍርሃት)
- ሃዋህው ስድራ ምርዳእ

ዚበዝሑ ቈልዑ: ኣብ ስድራኦም እንታይ ከም ዘጋጥም ይፈልጡ'ዮም፤ ዋላ'ኳ ኣዝማድ እንተ ዘይመሰሎም። ሓደ መቕርቦም ጽቡቕ እንተ ዘየሎ: ቈልዑ ቀልጢፎም ቆብ የብልዎ፤ ኵሉሳዕ ግን ብዛዕባ ስምዒታቶም ኣይዛረቡን'ዮም። ሓደ ቈልዓ ጽቡቕ እንተ ዘየሎ ወይ ሻቕሎት እንተሎዎ: ኪጻወት ከሎ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ኣብ ጠባዩ ይፍለጥ።

## ጥርዓን ሻቕሎት ምእታው

ሓደ ቈልዓ ይጕዳእ ኣሎ ኢልካ ትጥርጥር/ሪ'ዶ? ኣብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ሻቕሎት ጥርዓን ኣእትው/ዊ። ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ ኵነታት የጽንዮ፤ ዝርርባዊ ደገፍ ይህብ፤ ዘድልዩ ስጉምትታት ከኣ ይወስድ።

ሓደሓደ ሰብ ሙያ: ናይ ሻቕሎት ጥርዓን ኬእትዉ: ብሕጊ ግቡእ ኣሎዎም። ንኣብነት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ: ኣብ ኣገልግሎት ሕክምና ወይ ኣብ ፖሊስ ዚሰርሑ እዚ ሕጊ ይምልከቶም።

## ዓመጽ ንዝተመከሩ ቈልዑ ዚወሃብ ደገፍን ሓገዝን

ኣብ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት: ቈልዓን መቕርቡን ሓገዝ ኪረኽቡ ይኽእሉ:-

- ዝርርባዊ ደገፍ
- ንጥፈታት ጕጅለ ንቈልዑ
- ጥቕሚ ቈልዑ ንምሕላው: ንግደ ወላዲ ምድጋፍ
- መራኸቢ ሰብ ወይ መራኸቢ ስድራ
- ኵነታት ጽንክር እንተ ኢሉ: ካልኦት ስጉምትታት ምውሳድ፤ ንኣብነት መዕቈቢ ገዛ

ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ኵሉሳዕ 112 ደውል/ሊ።

**ዚርከብ ሰብ:**

- **ንጥፈት:** Barn och ungdomsenhetens mottagningsgrupp
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 08-58169000
- **መካነ-መርበብ:** www.upplands-bro.se
- **ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ::** Furuhällsplan 1, Kungsängen